150 ሚ.ሜ ዲያሜትር ዘለዎም ቀንዲ ነኳላት ውዑይ ኣየር ንኽወጽእ ኣብ ግዳማዊ መንደቕ ይስርሰር። ዝኾነ ነገር ናብ ኣፓርታማኻ ከይኣቱ ናይ ደገ መሸፈኒ ተተኺሉ ኣሎ።

## መብጽዓና ንዓኻ፤

ክንረኽበካ ከለና ኩሉ ግዜ:-

- ✓ ንዓኻን ንቤትካን ነኽብር
- ✓ መለለዪ መንነትና ነርእየካ
- ✓ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ምብጻሕ ከነጽሪ ኢና
- ✓ ሓበሬታ ክንነግረካ ኢና



## ሕቶ ኣለኩም'ዶ?

1800 519 721 ወይ

HighRiseCooling@homes.vic.gov.au

ደዊልካ ወይ ኢመይል ምስገበርካልና፣ ሓደ ኣባል ጋንታና ክምለሰልካ እዩ።

ኣብ ሕሳብ ጸዓትካ ንምሕጋዝ ዝሕግዝ ደገፍ ኣሎ። ብዛዕባ ክትረኽቦ እትኽእል ናይ ጸዓት ሓገዝ ኣብ **services.dffh.vic.gov.au/energy**

ብተወሳኺ ንገዛኻ ንምዝሓል ዝሕግዙ ጥቕምታትን ምኽርታትን **sustainability.vic.gov.**au ብምብጻሕ ከምኡ'ውን 'Cool your home' ዝብል ብምድላይ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ።

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን፡ 1 Treasury Place, Melbourne. © State of Victoria፣ ሆምስ ቪክቶርያ፡ መጋቢት 2025። (HV002625)። ሕትመት ብፊንስበሪ ግሪን (Finsbury Green), Melbourne Victoria, 3000።

homes victoria

### መደብ ምዝሓል ልዑል ደብርታት

# ናይ ናጻ መጣኒ ዋዕይ ኣየርኩም ውሰዱ



Tigrinya | ትግርኛ

VICTORIA State Government

# መደብ ምዝሓል ልዑል ደብርታት እንታይ እዩ?

**ኣብ እዋን ውዑይ ኩነታት ኣየር ዝሑልን ምቹትን ንኽህልወኩም ናይ ናጻ መጣኒ ዋዕይ ኣየር ንተክል ኣለና።**

እቲ ኣሃዱን/መጣኒ ዋዕይ ኣየር ምትካልን ናጻን ኣማራጺን ኮይኑ፣ እናተተኸለ ከሎ ካብ ገዛኻ ምውጻእ ኣየድልየካን።

እቶም ሓደስቲ መጠንቲ ዋዕይ ኣየር፤

- ጸዓት ዝምጥን
- ፀጥ ዝበለ
- ብሪሞት ንምስራሕ ቀሊል እዩ።
- ኣብ መንጎ ክፍልታት ክግዕዝ ዝኽእል *(ውዑይ ኣየር ናብ ደገ ንኽንቀሳቐስ ዝሕግዝ ናይ ቀንዲ ነፋሳት እንተሃልዩ)*

ኣብ ውዑይ ኩነታት ኣየር ነቲ መቀየሪ ኣየር ንምስራሕ ኣብ **መዓልቲ ኣስታት 1.20 ዶላር** ከም ዝውድእ ይግመት፤ እዚ ድማ ኣብ ማእከላይ ኣጠቓቕማ **4 ሰዓታት ኣብ መዓልቲን** ኣብ እዋን ፈተነ (ሕጅ) ዝነበረ መጠን ኤሌክትሪክን መሰረት ብምግባር'ዩ።

# መጣኒ ዋዕይ ኣየር እንተደሊኹም

## 1. ቆጸራ ምሓዝ

ደብዳቤ ምስ በጽሓኩም፣ መጣኒ ዋዕይ ኣየር ከም እትደልዩ በዚ ዝስዕብ ኣፍልጡና፤

- ኣብ ሓደ ምርኢት ምሳና ምዝርራብ
- ኢመይል: HighRiseCooling@homes.vic.gov.au
- ስልኪ: 1800 519 721

## 2. ቅድሚ ምጅማር ስራሕ ዝግበር ፈተሸ

ጉጅለና ኣብ ገዛኹም ክትረኽበኩም እያ። ነቲ ሓድሽ መጣኒ ዋዕይ ኣየርኩም እንተኸለሉ ከባቢ ክንፍትሽ ኢና፣ መስርሕ ምትካል ድማ ክንገልጽ ኢና።

## 3. ምስርሳር ቀንዲ ነፋሳት – ኩሎም ገዛውቲ ኣይኮነን።

ድሮ ቀንዲ ነፋሳት እንተዘይብልኩም፣ ንሓድሽ መጣኒ ዋዕይ ኣየርኩም ኣብ መንደቕ ቀዳድ ክንስርስር ክንግደድ ኢና።

ኣብ ኣፓርትማኹም ሓደ ወይ ክልተ ነፋሳት ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም፣ መጣኒ ዋዕይ ኣየርኩም ከተንቀሳቕስዎ ምእንቲ ክትክእሉ።

ምስ ወዳእና ገዛኹም ብጽፉፍ ክንገድፎ ኢና እቲ ነፋል ድማ ክሸፈን እዩ።

## 4. ምትካል መጣኒ ዋዕይ ኣየርኩም

ጉጅለና ነቲ ኣሃዱ ክትተኽሎ እያ፣ ከመይ ከም ዝሰርሕ ከርእየኩምን ከመይ ጌርካ ዝበለጸ ረብሓ ከም እትረኽቡ ሓጺር መምርሒ ክህበኩምን እዩ።

ኣብዚ መስርሕ ካብ ገዛኹም ምውጻእ ኣየድልየኩምን እዩ።

## 5. ናይ መወዳእታ ምፍታሽ

እቲ ሓድሽ ስርዓት ብግቡእ ይሰርሕ ከምዘሎ ከነረጋግጽን ዝኾነ ሕቶታት እንተሃልዩኩም ክንምልሰልኩምን ኢና። ወግዓዊ ርእይቶኹም ንምስማዕ ስዒቡ ዚግበር ዳህሳስ ክንገብር ኢና።




ሓድሽ መቀየሪ ኣየርካ **DeLonghi Pinguino PAC EL112 CST** እዩ